Socialstyrelsen

# ብዛዕባ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል መድሃኒት ኣብ ቤትካ ክህልወካ ዝብል ለበዋ

> ንሓደ ወርሒ ዝኣክል መድሃኒት ከምዚ ዝስዕብ ጌርካ ክትሕዝ ትኽእል:-
>
> 1. ኣብ ቤትካ ክንደይ ዝኣክል ከም ዘለካ ኣረጋግጽ። ንሓደ ወርሒ ትጥቀመሉ እኹል እዩ።
> 2. ትሕቲ ወርሒ ዝኣክል ጥራይ ምስ ዝህልወካ፡ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን መድሃኒት ምእንቲ ክህልወካ ቀልጢፍካ ውሰድ።
> 3. ሕጂ ተዳሊኻ ኣለኻ! ኩሉ ግዜ መጀመርታ ነቲ ኣቐዲምካ ካብ ቤት መድሃኒት ዝወሰድካዮ መድሃኒት ተጠቀም።

## እዚ ለበዋ ንመን ይምልከት?

- እዚ ለበዋ ንዓኻ ንነዊሕ እዋን ብሓኪም ብዝተኣዘዘ መድሃኒ ትፍወስ፡ ንኣብነት ንልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ልቢ፡ ሕማም ሽኮር ወይ ካልኦት ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑ ሕማማት መድሃኒት ትወስድ እዩ ዝምልከት።
- ብኣገልግሎት ጥዕናን ክንክን ሕማምን ዝተኣዘዙ ሃለኽቲ ነገራት ትጥቀም እንተ ኾንካ፡ ንኣብነት ንሽኮር ደም መቆጻጸሪ መሳርሒ እውን ይምልከተካ እዩ።

## ውሕስነት ልዑል ዋጋ በዚ ይጽሎ ድዩ?

ውሕስነት ልዑል ዋጋ ከም ቀደሙ እዩ ዘገልግል፡ በዚ ለበዋ ኣይጽሎን እዩ።

- ኣብ ሓደ እዋን ን3 ወርሒ ዝኣክል ብሓንሳብ ከተውጽእ ዝፍቀደካ እንተ ኾይኑ፡ 2 ወርሒ ምስ ሓለፈ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ከተውጽኦ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ሓደ እዋን ን1 ወርሒ ጥራይ ክትወስድ ዝፍቀደካ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ድሕሪ 20 መዓልቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

## ሕክምናኻ ምቁራጽ ከም ዘየድልየካ ኣረጋግጽ

ኣብ ሕብረተ ሰብ ኩሉ ሰብ ድሉውነት ክህልዎ ከም ዘድልዮ ዝገብሩ ነገራት ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም፡ መድሃኒት ይኹን ሃለክቲ ነገራት ክውዳእ ይኽእል እዩ። ሕክምናኻ ከተቋርጽ ምእንቲ ከይትግደድ፡ ኣብ ቤትካ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ክትሕዝ ጽቡቕ እዩ።

## ኣብ ገሊኡ ኵነታት ነዚ ለበዋ ምስዓብ ኣይከኣልን እዩ።

- እቶም መድሃኒታት 1 ወርሒ ኣቐዲምካ ከም ዘይትወስዶም ተገይሮም ክእዘዙ ከለዉ።
- እቲ መድሃኒት ወይ ሃላኽቲ ነገራት ኣብ ቤትካ ክትዕቅቦም ኣጸጋሚ ምስ ዝኸውን።
- እቲ መድሃኒትን ሃላኽቲ ነገራትን ንግዜኡ እንተ ተወዲኡ፡ ብመሰረት ትእዛዝ ሓኪም ዝከኣል እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ዝቕጽል ኣጋጣሚ ምናልባት ኣቐዲምካ ክትወስዶ ትኽእል ትኸውን።

## እዚ ለበዋ ነዚ ዝስዕብ ኣይምልከቶን እዩ:-

- ትእዛዝ ሓኪም ዘይድልዮም መድሃኒታትን ሃለኽቲ ነገራትን
- ንሓጺር ግዜ ፍወሳ ትወስዶም መድሃኒታት
- ተገምጊሞም ክቐየሩ ዝኽእሉ መድሃኒታት ወይ ዓቐን መድሃኒት
- ብሕክምናዊ ምኽንያት ቅድሚ ዝተወሰነ ግዜ ምሕላፉ ክትወስዶም ከም ዘይትኽእል ተገይሮም ዝተኣዘዙ መድሃኒታት።
- ንነፍሲ ወከፍ ዓቐን መድሃኒት ኣብ መትሓዚ ኣቐዲሞም ዝተዓሸጉ መድሃኒታትን፡ ከምኡ'ውን ሓደ ሓደ ግዜ ብሓንሳብ ክውሰዱ ዘለዎም ብዙሓት መድሃኒታትን ዝሓዘ መትሓዝን (ብዓቐን ዝተዓሸጉ)
- ብሓኪም ዝተኣዘዙ መግብታት።

> ሓንቲ ወርሒ እኹል እዩ
>
> ድሮ ኣብ ቤትካ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ቀረብ ምስ ዝህልወካ፡ ዝያዳ ኣይተውጽእ። እቲ መድሃኒት ንኹሉ ዘድልዮ ሰብ ክተኣኻኸል ከም ዘለዎ ኣይትረስዕ።

ሕቶታት ኣለካ ድዩ?
ብዛዕባ እዚ ምኽርታት ኣብ socialstyrelsen.se ሓበሬታ ኣሎ።
ናብቲ መርበብ ሓበሬታ ንኽትኣቱ ነዚ ኮድ ስኣሎ።
QR-kod (socialstyrelsen.se/medicin-for-en-manad)